# መበል 11 ዓመት
# ጉዕዞ ብሽግሌታ ንናጽነት
# ኣብ ኤስሊንገን ብዓወት ተዛዚሙ።

ማሕበረ- ሰብ ኤርትራ ኣብ ወረዳ ኤስሊንገን ኣብ ትሕቲ ስንደቕ ኤርትራ መደብ ጥምረት ስድራቤት ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ሰሪዑ ኤርትራዉነት ንምኹላዕ ዝነጥፈሉ እምነ ኩርናዕ መትከሉ እዩ።ስለ ዝኾነ ከም መቐጸልታ ዝሓለፉ ብዙሓት ንጥፈታቱ ብምኽንያት መበል 19 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ቀዳም 22.05.2010 **ጽንዓት ንናጽነት ዓገብ ንማዕቀብ** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝርከባ ከተማታት ዝመጹ ሓያሎ ኤርትራዉያን ዝተሳተፍሉ ዕዉት መደብ ኣሰላሲሉ።

እዚ ንኽብሪ ናጽነት ተባሂሉ ብስያመ ጉዕዞ ናጽነት ብብሽግሌታ ዝፍለጥ ተቀባልነቱ ዘዕዘዘ ዓመት ዓመት ዝካየድ መደብ ድሮ 11 ዓመቱ ኣቑጺሩ።እዚ ናይ 40 ኪ.ሜ, ርሕቀት ዝሸፍን ጉዕዞ ካብ ክሊ ዕድመ 5 ክሳብ 60 ዓመት ዝርከቡ ህጻናት መንእሰያት ኣቦታትን ኣደታትን 50 ዜጋታት ተሳቲፈሞ።ጉዕዞ ብሰላምን ዓወትን ተዛዚሙ።ወለዲ ድማ ኣብ'ቲ ብግቡእ ዝተወቀበ ዳስ መኸተ ብድምቀት ተቐቢሎሞም።

ኣብ'ቲ ዕለት እቲ ንዝያዳ ድምቀት <u>**ዋንጫ መኸተ**</u> መን ዓተረ ግጥም ጸወታ ኩዑሶ እግሪ ተኻይዱ ብዓወት ጋንታ ኣዳል ኤስሊንገን ተዛዚሙ።ጋንታ ኣዳል ተሸላሚት ዋንጫ መኸተ ብምኻን ዝተዳለወ ሽልማት ተሸሊማ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣቦ መንበር ማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ወረዳ ኤስሊንገን ኣቶ ብርሃነ ምስግና ነዚ ኤርትራዉነት ዘፈርዝን ሕጉስ ጽንብል ኣመልኪቱ መልእኽቲ ዮሃንና መደረን ኣስሚዑ።ነዚ ድሙቕ ምትእኽኻብ ክዉን ንምግባሩ ኩልንትናዊ ኣበርክቶ ንዘዕዘዙ ኣመስጊኑ። ብቐዳምነት ሓድነት ክስራዕ ድማ ኣዘኻኺሩ።ዝተዳለወ ምቁር ሕብስቲ ናጽነት ተቘሪጹ ሻምፓኝ ናጽነት ምስ ተተኮሰ መደብ ህጻናት ናይ መዘናግዒ ዉድድራት ቀጺሉ።

ኣቦ መንበር ማሕበረኮም ኣቶ ገብረሚካኤል ሃብተማርያም ብወገኑ መልእኽቲ ዮሃናን ናይ ደገፍ ቃልን ኣቕሪቡ።ብወገን ኣደታት ምሕዝነታዊ ጸወታ ቢልያድሮ ተኻይዱ።ጽንብል ብስሙርን ሕጉስ መንፈስን ብባህላዉን ዘመናዉን ሙዚቃ ብዓወት ተዛዚሙ።

ርሑስ በዓል ናጽነት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ

ማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ወረዳ ኤስሊንገን